# ንዓቕሚ-ሰብ ዝኣኸሉ ክታበታት

## ኣካላትና ክታበታት ከድልዩና ክሳብ ዘይክእሉ ክዓቢ ፈጺሙ ኣይክእልን እዩ።

ክታበታት ንህጻናት ጥራይ ዝምልከቱ ኣይኰኑን፤ ዓቕሚ-ሰብ ዝኣኸሉ ሰባት እውን ውሕስነታዊ ሕክምና የድልዮም እዩ! ዕድሚኦም ብዘየገድስ፡ ዓቕሚ-ሰብ ዝኣኸሉ ሰባት ብጥዕና ንኽቕጽሉ፡ ክታበታት የድልይዎም። ምስ ግዜ፡ ኣብ እዋን ህጻንነት ዝተወስዱ ክታበታት ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ተዳኺሙ፡ ናብ ሕማማት ናይ ምቅላዕ ሓደጋ ከንጸላሉ ይኽእል እዩ። ዕድሜና ንዓቕሚ-ሰብ ክኣክል እንከሎ፡ ከም ንገዛእ-ርእስናን ኣብ ዙርያና ንዘለዉ ሰባትን ምክልኻል ዝኣመሰሉ ሓላፍነታት ክስምዑና ንቡር እዩ። ምስ'ቲ ንዓኹም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ኣካል ሎሚ ብዛዕባ ጉዳይ ክታበት ተዛራረቡ።



# VACCINES

## YOUR BEST SHOT AT PREVENTION

ብኽብረትኩም፡ ሕቶታት ምስዝህልዉኹም
ናብ'ቲ ንዓኹም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ኣካል ወይ
ናብ ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና IOWA በዚ ዚስዕብ ቍጽሪ ደውሉ፡-

**1-800-831-6293**

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ማለት
ንክታበታትን ሕማማትን ብዝምልከት፡ ኣብ'ዚ ኣድራሻ እዚ ተወከሱ፡-

https://idph.iowa.gov/immtb/immunization
www.immunize.org • www.cdc.gov/vaccines
www.vaccine.chop.edu • www.aap.org



# ንዓቕሚ-ሰብ ዝኣኸሉ ክታበታት

## ተኸተቡ መታን ዝሓሸን ጥዕና ዝመልአ መነባብሮ ኽትነብሩ ።



# ዓቕሚ-ሰብ ንዝኣኸሉ ሰባት ዝወሃቡ ክታበታት

ዓቕሚ-ሰብ ዝኣከሉ ሰባት ጸጋ ጥዕና ክውንኑ ኣዝዩ የድልዮም። ክታበታት ምውሳድ ኣብ መዳይ ምክልኻል ሕማማትን ብጥዕና ምቕጻልን ኣገዳሲ ስጉምቲ ንቕድሚት እዩ።

## ንዓቕሚ-ሰብ ዝኣኸሉ ሰባት ከመይ ዝኣመሰሉ ክታበታት እዮም ዘድልይዎም?

እቶም ንዓቕሚ-ሰብ ከም ዝኣኸልና ሰባት መጠን ክንወስዶም ዘድልዩና ፍሉያት ክታበታት፡ ከም ጉዳይ ዕድመ፡ ቅዲ ኣነባብራ፡ ልዑል ኵነተ-ተኽእሎ ሓደጋን ታሪኽ ክታበትን ብዝኣመሰሉ ረቛሒታት ዝውሰኑ እዮም። እዞም ቀጺሎም ዝጥቀሱ ክታበታት፡ ዓቕሚ-ሰብ ዝኣኸሉ ሰባት ኪወስድዎም ከምዝግባእ ብቐጻሊ ዝንገረሎም እዮም። ብዛዕባ እቶም ንስኹም ክትወስድዎም ዘገድሱ ክታበታት ንኽትፈልጡ፡ ነቲ ንዓኹም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ኣካል ኣዘራርብዎ።



## ጉንፋዕ (ኢንፍሉዌንዛ)

ጉንፋዕ፡ ቫይረስ ዝጠንቁ - ንኣፍንጫ፡ ጐረሮን ሳናቡእን ዘጥቅዕ ተላባዒ ረኽሲ እዩ። ብሓፈሻኡ፡ ጉንፋዕ ሓደ ብእኡ ዝተለኽፈ ሰብ ኣብ ዝስዕለሉ ወይ ዘሀንጥሰሉ እዋን እዩ ናብ ካልኦት ዝመሓላለፍ። ምልክታት ሕማም ጉንፋዕ ምስዓል፡ ረስኒ፡ ገብገብ ምባል፡ ቍስሊ ውሽጣዊ መትረብ ጐረሮ፡ ቅርጥማት፡ ጸረርታ ወይ ልፋጫዊ ማዕበስቲ ናይ ኣፍንጫ፡ ቃንዛ ርእሲ፡ከምኡ’ውን ኣካላዊ ድኻም የጠቓልሉ። እቶም ጉንፋዕ ዘስዕቡ ቫይረሳት ካብ እዋን ናብ እዋን መልክዖም እናቐየሩ ስለዝኸዱ፡ ዓመታዊ ክታበት ምውሳድ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እዩ።

## ቴታነስ፡ ዲፍተሪያ ፔርቱሲስ (ሑእታ)

ንዓቕሚ-ሰብ ዝኣኸሉ ሰባት፡ ኣብ ነፍሲወከፍ 10 ዓመታት፡ ኣሐያሊ ክታበት ናይ ቴታነስን ዲፍተሪያን (ቲ.ዲ.) ብቐጻሊ ኪወስዱ ይግባእ። ክታበት ቴታነስ፡ ዲፍተሪያን ፔርቱሲስን (Tdap)፡ ዓቕሚ-ሰብ ንዝኣኸሉ ሰባት ካብ ሕማም ሑእታ ንኽከላኸለሎም ተባሂሉ ይወሃብ።

## ሂዩማን ፓፒሎማቫይረስ (HPV/ኤች.ፒ.ቪ.)

ክታበት ኤች.ፒ.ቪ. ካብ’ቲ ዝያዳ ልሙድ ዝኾነ ዓይነት ሂዩማን ፓፒሎማቫይረስ ዝከላኸለልና እዩ። እዚ ቫይረስ እዚ ጠንቂ 90 ሚእታዊት ናይ ተርእዮታት መንሽሮ ኣፍ-ማህጸንን ጡብ-ኣድጊ ብልዕቲን እዩ። ምሉእ ውሕስነት ዝኽረኽቡ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ምሉእ ክታበት ናይ ኤች.ፒ.ቪ. ክከታተሉ ይግባእ።

## ዞስተር (ሺንግልስ)

ሺንግልስ ኣቐንዛዊ ሳሓ ዘስሕብን ኩሉ ሳዕ ብዕንፉሩር ዝተሰነየን ዓይነት ሕማም ኰይኑ፡ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሕ መትናዊ ቃንዛ ከምጽእ ይኽእል። ዕድመ ምድፋእን ናይ ስርዓተ-ምክልኻል ኣካላት ጸገማትን ናብ ሕማም ሺንግልስ ብዝያዳ ከቃልዑ ዝኽእሉ ረቛሒታት እዮም።

## ኒሞኮካል

ኒሞኮካል ዓይነት ባክተርያዊ ረኽሲ ኰይኑ፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብምትንኻፍ ኪመሓላለፍ ይኽእል። ከም ኒሞኒያ፡ ረኽሲ ደምን መኒንጃይትስን ናብ ዝኣመሰሉ ከበድቲ ጥዕናዊ ጸገማት ከምርሕ ይኽእል። ሕማም ኒሞኮካል እቲ ቀንዲ ጠንቂ ናይ’ቶም ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ ዝረኣዩ’ሞ ብክታበት ክንከላኸሎም እንኽእል ሕማማት እዩ። እቲ ዝበለጸ ንሕማም ኒሞኮካል ክንከላኸለሉ እንኽእል ሜላ፡ እዋናዊ ክታበት ምክትታል እዩ።



ገለ ንዓቕሚ-ሰብ ዝኣኸሉ ሰባት፡ ብመሰረት ዘለዎም ሕክምናዊ ታሪኽን ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝወሰድዎም ክታበታትን፡ ተወሰኽቲ ክታበታት ኪወሃብዎም ኪድሊ ይኽእል እዩ።

- ንፍዮ-ጽግዕ-ሩቤላ (MMR/ኤም.ኤም.ኣር.)
- ፍሮማይ (ቺክንፖክስ)
- ሕማም ወይቦ ደረጃ ሀ
- ሕማም ወይቦ ደረጃ ለ
- መኒንጎኮካል

## ናይ ክታበት መዝገብ/ሰነድ

ንመዝገብ/ሰነድ ክታበታት ውሑስ ኣብ ዝኾነ ቦታ ምቕማጦም ኣገዳሲ እዩ። መረጋገጺ ናይ ክታበታት፡ ኣገዳስነቱ ንምሉእ ዕድመ ሰብ ዝጸንሕ ክኸውን ይኽእል እዩ። ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና IOWA ብመልክዕ ወረቐት ዝስነድ መዝገብ ክታበት ኣይሕዝን እዩ። ይኹን እምበር፡ ናይ ክታበት መዛግብቲ፡ ቀዋሚ ኣብ ዝኾነን፡ ኣብ መላእ ኣውራጃ ኣብ ዝዝርጋሕን ኤሌክትሮኒካዊ ማዕከን፡ ማለት ኣብ ናይ IOWA ስርዓተ ሓበሬታ መዝገብ ክታበት (ኣይ.ኣር.ኣይ.ኤስ.) ክስነድ ዝከኣል እዩ። ኣይ.ኣር.ኣይ.ኤስ.፡ ንወለዲን ዓቕሚ-ሰብ ንዝኣከሉ ሰባትን፡ ተጠቀምቲ ናይ’ቲ ንገዛእ-ርእሶም ድዩስ ንውላዶም ዝምልከት መዝገብ ሓበሬታ ንክኾኑ ዘኽእሎም፡ ምስ ህዝባዊ መዝገብ ዝተኣሳሰር ትሕዝቶ ይውንን። ሰነድ ምስዘይርከብ፡ ምስ’ቲ ንዓኹም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ኣካል፡ ንጉዳይ ምእታው ሓበሬታ ክታበትኩም ናብ ኣይ.ኣር.ኣይ.ኤስ. ብዝምልከት ተዛራረቡ።

ምስ’ቲ ንዓኹም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ኣካል ሎሚ ብዛዕባ ጉዳይ ክታበት ተዛራረቡ።